<u>“ፍትሓውነት ካብ ነብሰኻ'ዩ ዝብገስ”</u>

<u>“እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ”</u>

## መልሲ ንዶክተር ጊደዎን ኣባይ






ናይ ቶርንቶ ኣኼበኛታት — ናይ ዊኒንፔግ ሰልፊ

*መንእሰያት ኣብ ባሕሪ ክጥሕሉን፣ ኣብ ሲናይ ናውቲ ኣካላቶም ክሸየጥ ዘይተቓወሙን፣ ሕጊ ቅዋም ይተግበር ክብሉ ድምጾም ዘየስምዑስ፣ ምልካዊ ስርዓት ንምድሓን ተኣኪቦም ንናይ ሓሶት መደረ ከጣቕዑ እንከለዉ ዘርኢ ስእሊ።*

*ታሕሳስ 11/2011 ዶክተር ጊደዎን ኣባይ ኣብ ቶሮንቶ፣ ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም ኣብ ሳንሆዜ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ከካይዱ እንከለዉ ግሪኻዊ ላምብሮ ዝመርሖ ድማ ኣብ ዊኒንፔግ ብውሑዳት ሰባት ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዱ።*

*ዶክተር ጊደዎን ኣባይ፣ ማዕቀብ ኣንጻር ኤርትራ ኣብ 1998 ተጠኒሱ ከምኡ ኢሉ ተጸብኦታት ብዝተፈላለየ መልከዓቱ ክቕጽል ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 2009 ቀዳማይ መልክዑ ተጋሂዱ ቀጺሉ ድማ 2011 ጋህማም ሳንክሽን የሕሊፎም ኢሉ። ቀጺሉ ታሪኽና ታሪኽ ናይ መኸተ'ዩ፣ ኣቦሓጎታትና መኪቶም፣ ኣቦታትና መኪቶም፣ ንሕና መኪትና፣ ደቅናን ደቂ ደቅና'ውን ክምክቱ'ዮም፣ እዞም መንእሰያትና ብፍላይ ናይ ቶሮንቶ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ፣ ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ዘለኹም ወለዲ ብፍላይ ወ/ሮ ገነት ገብረእየሱስ መንእሰያት ንሳዋ መሪሓቶም ምኻዳ ንኢዱዋ።*

*መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሕቡእ ኣጀንዳ ከምዘለዋን ንሱ ድማ ንሶማል ኣብ ሰለስተ ክመቓሉዋ፣ ንኢራቕ ምቁጽጻር፣ ንሱዳን ድሮ ኣብ ክልተ መቒሎማ፣ ንኤርትራ ድማ ልዕሊ ሳንክሽን ዝኸይድ ንኤርትራ ብ ኢትዮጵያ ናይ ምጉባጥ ( Ethiopia Occupied Eritrea) ኣጀንዳ ከምዘለዎም ብማፐ ዝተሰነየ መግለጺ ሂቡ።*

*መንግስቲ ኤርትራ ምስሕሓብ ዶብ ምስ ጅቡቲን፣ ንተቓወምቲ ሶማል የሰልጥን፣ ብረት ይዔጥቕ፣ ናይ ፋይናንስን ሞራልን ሓገዝ ይገብር፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንዝካየድ ዝነበረ ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ዋዕላ ንምዝራግ ግብረሽበራዊ ተግባራት ኣብ ምሕንጻጽ፣ ምስልጣን፣ ምምዋልን ከምዝተዋፈረ እቲ ናይ ሕቡራት ሃገራት ሞኒተርን ግሩፕ ጠቒሱዎ ኢሉ። ዊኪሊኪስ ብዛዕባ ኢትዮጵያ ዘቃልዖ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ናይ ቦምብ ምፍንጃር ባዕላ ኢትዮጵያ ከምዘጻወደቶ ዊኪሊክስ ዝጸሓፎ ሓቂ ምኻኑ ጠቒሱ። ሞኒተርን ግሩፕ ኣብ ግብረ ሽበራ ዝተዋፈረ ኤርትራዊ ኮነረል ገመቹ ኣያና ከምዝጠቐሰ ገሊጹ፣ ዶክተር ግደዎን ኣባይ ገመቹ ኣያና ዝበሃል ኤርትራዊ ከምዘይብልናን ሓሶት'ዩ ኢሉ። እዚ ኹሉ ክዕንቅፉና ዝፍትኑ ዘለዉ እቲ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ነብስኻ ምኽኣልን፣ ናጻ ፖሊስን ዝብል መትከላት ስለዘይዋሓጠሎምን፣ ንረብሓኦም ክቐድሙ ስለዘይፍቅደሎምን'ዩ ኢሉ። ቐጺሉ ታሪኽ ህዝባዊ ግንባርን ተወፋይነቱን ኣብ ኣፍሪቃ ዝነበሮ ሕቡብነትን ጠቒሱ፣ እዚ ድማ ምዕራባውያን ኣይተዋሕጠሎምን። ከም ኣብነት ክኣ ንኣውስትራልያዊ ቶማስ ክኒሊ ኣብ (To Asmara) ዝብል መጽሓፉ ዘስፈሮ ጽሑፋት ጠቒሱ።*

***ው/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም*** *ኣብ ሳንሆዜ ካሊፎርንያ ዝገበረቶ መደረ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ርእሲ ኤርትራ ዝበየኖ ዘይሕጋዊ ማዕቀብ ግብረ መልሲ ናቱ ነቲ ስጉምቲ ንምፍሻል ኣወንዙፍናዮ ዝጸናሕና 2% መሕወይ ግብሪ ብሓንሳብ ጠቒሊልና ክንከፍሎ፣ ኣብ ናይ ኢንቨስትመንት ወፍሪ ከም ናይ ቢራ፣ እንሹራንስ፣ ማዕድናት፣ ኣብ ናይ ኣባይቲ፣ ወፍሪ ክንገብርን ነፍሲ ወከፍና ድማ ሰሰለስተ ገዛ ክንሰርሕ ተላብያ።*

**ግሪኻዊ ኣቶ ላምብሮ** ድማ ኣብ ዊኒፔግ ወሑዳት ኤርትራውያን ሒዙ ነቲ ኣብ 1992 ብመንግስቲ ኤርትራ ዝተኣወጀ 2% መሕወይ ግብሪ ኣብ ዊኒንፔግ ፍሪ ፕረስ ዝተጻሕፈ ብኣስገዳድ ዝኸፈሉ ኤርትራውያን ጥርዓን ጸለመ'ዩ ኢሉ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዱ።

**ዶክተር ጊደዎን ኣባይ** ትሕዝቶ ሰሚናሩ ካብ ዝተፈላለዩ ኢንተርነት ዌብሳይታት ዝኣከቦን ንገሊኡ ነቲ ተሳታፋይ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ጸገም ዘለዎን ናይ ኢንተርነት ኣከሰስ ዘይብሉ ናብ ትግርኛ ተርጊሙ ንዑዑ ብዝጥዕሞ ኣገባብ ኣቕሪቡዎ። ኣብ 1997 ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ጸዲቑ ክትግበር ክብል ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኮነ ኢሉ ስልጣኑ ንህዝቢ ከየረክብ ናይ ዶብ ውግእ ወሊዑ፣ ንህዝብን ሃገርን ክወጽ ኣብ ዘይክእል ዓዘቕቲ ሸሚሙዎ ይርከብ። 1998 ኩናት ምስ ተጀመረ ኣመሪካን ሩዋንዳን ሞንጎኛታት ኮይኖም ክዓርቑ ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን ነቲ ዘውጽእዎ እማመ፣ ኤርትራ ናብቲ ቅድሚ ውግእ ዝነበረቶ ቦታ እንተድኣ ተመሊሳ፣ ኢትዮጵያ ብሸምግልና ነቲ ጉዳይ ክትፈትሖ ቅርብቲ ምኻና ገሊጾም፣ ፕረዚደንት ኢሰያስ ግን **“ዋላ ጸሓይ ኣይትብረቕ ካብ ኣባድመ ወጻእና ማለት ዘበት'ዩ”** ኢሉ፣ ነቲ እማመ ነጺጉ ድሕሪ ናይ ዓሰረተታት ኣሽሓት መንእሰያት መስዋእትን፣ መውጋእትን ክሳራን፣ ናብቲ ኢትዮጵያ ዘይሓተትዎ 25 ክሎሜትር ንድሕሪት ክስሕብ ተቐሲቡ። እምበኣር ኣገላልጻ ዶክተር ጊደዎን 1998 ኣመሪካ ዓረቕቲ እምበር ምስ ወያነ ዝወገኑ ተጻባእቲ ኣይነበሩን። ስለዚ እቲ ብዛዕባ ዶክተር ሱዛን ራይስ ይኹን ኣንቶንዮ ሌክ ዝበልካዮ ዝንቡዕ ሓበሬታ ምኻኑ'ዩ ዘእምን። ብኣንጻሩ ካብተን ነጻነት ኤርትራ ዝኣመና ሃገራት ኢትዮጵያ ቀዳመይቲ ክትከውን እንከላ ኣመሪካ ድማ ሓሙሸይቲ ሃገር ነበረት። ብተወሳኺ ኣብ መፋርቕ ተስዓታት ፕረዚደንት ክሊተን ንመራሕቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርከበኦም (New breed of African Leaders) ኢሉ የሞግሶም ከምዝነበረ ናይ ቀረባ ታርኽ'ዩ። እንተኾነ ግን ኢሰያስ ኣፈወርቂ ጎብለል ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንኽኸውን ዘለዎ ሕልሚ ከተግብር ኣብ ግዜ ገድሊ'ውን ከይተረፈ ንታመል ታይገር ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣምጺኡ የሰልጥኖምን ይዕጥቖምን ኔሩ፣ ናይ ኣመሪካን እንግሊዝን ሉኡኽ ኲይኑ ኣብ ሱዳን ኢድ ብምትእትታው ንናይ ደቡብ ሱዳን ተቓለስቲ ስጋብ ግዜ ነጻነቶም ሓጊዙዎም ኣብ በዓል ነጻነቶም'ውን ከይተረፈ ኤርትራውያን መስዋእቲ ከምዝኸፈልና ከይሓፈረ ተኣሚኑሉ፣ ንናይ ዳርፉር ተቃወምቲ ከምዘሰልጥንን ዘዕጥቕን ናይ ኣደባባይ ምስጢር'ዩ። ከምኡ ድማ ንሶማልያውያን ኣብ ግዜ ሰውራ ዝገበሩልና ሓገዝ እንዳበለ ከመሳምስ እንተፈተነ፣ እቲ ቀንዲ ጉዳይ ግን ተጠዊኻ ንኢትዮጵያ ንምጥቃዕ እዩ። ኣብ ኤርትራ ገመቹ ኣያና ዝበሃል የብልናን ኢልካ፣ንኣስማት'ውን ቦርደር ክትሕንጽጸሉ እንተዘይደሊኻ'ምበር ኣብ ቅድሜኻ ወዘኽዘኽ ዝብሉ ዘለዉ በዓል እንግዳ፣ትርፈ፣ቀለሙ፣ኣባይከ እንታይ ክትብሎም ኢኻ? ንምኻኑኸ ኮነሬል ገመቹ ኣያና ኣብ ኤርትራ እንታይ ይገብር ኣሎ? ድሕሪ'ቲ ተጌሩ ዘሎ ማዕቀብ'ውን እንተኾነ ንሶማላውያን ኣብ ኤርትራ ናይ ተለቪዥንን ሬድዮን መደባት ፈቒዱሎም ኣሎ። ኣብ 2007 ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ኣብ ቶሮንቶ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣብ ዝገበረሉ እዋን ዓው ኢልና ክንዛረበሉ ኣይደለናን እምበር ሰራዊትና ኣብ ጫድ'ውን ከይተረፈ ከምዘሎ ተነይትሉ።ኣብ ኮንጎ'ውን ንከቢላ ናብ ስልጣን ንምምጻእን ንፖሊሲ ናይ ኣሜሪካ ከተግብር ኢሰያስ ዝለኣኾም 32 ተጋደልትና ተሰዊ ኦም ሬስኦም ስጋብ ሕጂ ኣብ ኮንጎ ይርከብ። ስለዚ ኢሰያስ ንኣሜሪካ ልዕሊ ኹሉ ኣገልጊለዮም'የ ምሳይ ጥራሕ ከማኸሩ ኔሩዎም ካብዝብል ቅንእን ስሰዔን ኣብ ከቢድ ህልኽ ኣትዩ ይርከብ። በየናይ መዔቀኒ ኢኻ ዶክተር ጊደዎን ኣብ 1998 ዝተጠነሰ ሳንክሽን ኣብ 2009 ተወሊዱን ኣብ 2011 ድማ ጋህማም ሳንክሽብ ሓሊፉ ዝበልካዮ? ናይ ኣመሪካ ኣጀንዳ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክጽምብርዋ እዮም ዝበልካዮ፣ እዚ ብጭብጢ ሕልሚ ኢሰያስዶ ከይኮነ።

ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ተንቲንካ፣ እዚ ታሪኽ'ዚ ግን ተሰኒዱ'ዩ ዘሎ፣ ታሪኽ ንድኽመትካ መኸወልታ ክኾነካ እንዳ ኣኮማሲዕካዮ ትነብር ኣይኮነን። እቶም ሰራሕቲ ቅያ ግን ኣብ ዒራዒሮን ናኹራን ኣብ ፈቖዶ ቤትማእሰርቲ ኤርትራ ብጀካ ምግዳሎም ካልእ ገበን ዘይብሎም ታሪኾም ተንቲንካ ነቶም ሰራሕቲ ታርኽ ግን ኮነ ኢልካ ከይጠቐስካዮ ምሕላፍካ ማዕረ ክንደይ ዘይፍትሓዊ ምኻንካ'ዩ ዘርእይ። ኣቦሓጎታትና፣ ኣቦታትና፣ ንሕና'ውን መኪትና ኢልካ፣ መንእሰያት ኤርትራ ካብ ሙዉቕ ሓዳሮምን ትምህርቶምን ጠንጢኖም ንሜዳ ክውሕዙ እንከለዉ ንስኻ ድኣ ኣብ ከንያን ሰሜን ኣመሪካን ብዝወሓደ ሓፋሽ ውድባት እካ ኮንካ ከይተወፊ ዓቢ ጎደና ሓዲግካ ኣብ መሽጎራጉር (Alleyway) ተሓቢእካ ትነብር ኔርካ። ብጉጅለ ዓስርተሰለስተ G13 ዝፍለጡ ምሁራት ኤርትራውያን ዴሞክራስያዊ ሕቶ ሓቲቶም ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብዝሃቦም ተስፋ ዘይብሉ መልሲ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ምስበጽሑ፣ ኣጋጣሚ ተጠቒምካ ሓላይ ንምምሳል ናይ ተበላጺ መርገጽ ወሲድካ ዘይብሁልን ኣገልጋሊን ዕሱብን ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ክትኮውን መሪጽካ ። ከም ምሁር መጠን ንህዝብና ካብዚ ዘለዎ ሽግር ንምድሓን ክትጓየ'ዩ ዝግባኣካ ኔሩ፣ ካልእሲ ይትረፍ **“ውሕልነት ካብ ጎረቤት'ዩ”** ካብ'ቶም ምሁራት ኤርትራውያን ደኺሙና ከይበሉ ምእንቲ ህዝቦም ዝሕለቑ ዘለዉ ከም ዶክተር ኣሰፋው ተኸስተ፣ ዶክተር በረኸት ሃብተስላሰን ካልኦትን

ምሁራት ኤርትራውያን ኣርኣያ ክትክተል ይግባኣካ ኔሩ። ወግሔ ጸብሔ “መኸተና” መኸተና ክትብል እንከሎኻሲ **“ብዘይ ስንኻስ ጸጸር እንተትቑርጥመሉ’ዩ”** ዘስምዕ።

**ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም** ንባይቶ ጽጥታ ከነሕርቕ ዘሎና 2% ዕዳ ብሙሉኡ ንኸፍሎ፣ ኣብ ኤርትራ ገንዘብና ነዋፍር፣ ሰሰለስተ ገዛ ንሰርሕ ዝበልክዮስ **“ዓሻዶ በራኺ”** በየናይ ሕጊ መሰረት ኢኻ ኣብ ኤርትራ ገንዘብካ ከተዋፍር? ቅድሚ ሕጂ ቦንድ ዝዓደጉ፣ ኣብ ኤርትራ ገዛ ዝሰርሑ ጎይታኺ ኢሰያስ ቁማር ኢሉዎም፣ብዓዊ ዘይምሱል መሲሎም ማይ ዓኺቶም ተሪፎምን፣ ኢሰያስ ድማ እንተመጹ’ውን እንዳ መቓብር በኣለእግዚሔር’ዩ ገዝኦም ኢሉ ፈሪዱዎምሲ፣ ትግርኛ ስለዘይርደኣኪ ዶኾን ይኸውን ዋላስ ምስከፈሉ ኣብ ኤርትራ ኬድኪ ክትቅበልዮ ደሊኺ? ሓደኣፊቱ ድኣ ሓገዝ ጋንታ እንዳበልኪ ምስ ኢሰያስ ማልያ ሒዝኪ እንተቲዞሪዶ ኣይምሓሸክን።

**ግሪኻዊ ላምብሮ** ንስኻ’ውን ተማሳሳሊ ሽግር’ዩ ዘሎካ፣ ትግርኛ ዘይርዳኣካ ስለዝኾነ’ዩ እምበር (Free Press) ናይ ዊኒንፔግ ብሓይሊ ተገዲዶም 2% ዝኸፍሉ ኤርትራውያን ከምዘለዉ ጠቒሶም፣ ኣነስ ብፍቶቶይ’የ ዝከፍል እንተ ኢልካ 100%’ውን ክትከፍል ትኽእል ኢኻ፣ ነቶም ተገዲድና ዝኸፈልና ግን ቅብሊትና ኣብ ኢድና ስለዘሎ፣ ኣብ ዝደለናዮ ግዜ ክንሓትት መሰል ከምዘሎና ክትፈልጥ ይግብኣካ። ንሕጂ ግን ናይ ቋንቋ ጸገም’ዩ ኢልና ዕሽሽ ኢልናካ ኣሎና። እንተዘይኮነ ግን ብናይ ቆልዑት ኣመኽኒኻ ኣብ ዑሉል ነጋዳይ ተቐይርካ ከምዘሎኻን ከምትሕመን ክንሕብረካ ንፈቱ። ንምኻኑኸ ስለምንታይ ኢኻ ኤርትራ ከም ግሪኽ ኣስመራ ከም ኣቴንስ ሕግን ፍትሕን ዝሰፈና፣ ማዕርነት ዜጋታታ ዝተሓለወ ኮይኑ፣ ከምቶም ግሪኻውያን ባኒ ከቢሩና ኢሎም ሰላማዊ ሰልፊ ዝገብሩ፣ ፓርትታት ኣቚሞም ዝወዳደሩ፣ ምስቶም ቅዋም ይተግበር ስልጣን ንህዝቢ ይረከብ ዝብሉ ዘለዉ ኤርትራውያን ኣብ ጎኖም ዘይምስላፍካን፣ ኣንጻሮም ደው ምባልካንሲ ዘተዓዛዝብ’ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ሓሳረ መከራ ወዲቖሉ ኣብ ዘለዎ እዋን ምእንቲ ህዝብኻ ደው ምባልን ምጥባቕን ሓላል’ዩ፣ ምስ ዓመጽቱ ደው ምባል ግን ገበን’ዩ፣ ናይ ግዜ ሕቶ’ዩ እምበር ክወግሕ ምኻኑ ክንዝንግዕ የብልናን። ስለዚ ኢና እምበኣር **“ፍትሓውነት ካብ ነብስኻ’ዩ ዝብገስ” እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ”** ዝበልናዮ’ሞ ሃየ ፍትሒ ንምንጋስ ኩልና ዝከኣለና ነበርክት።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!!

ግዱሳት ኤርትራውያን ካብ ቶሮንቶ